# ወዲ-ደሙ ኢሃደግ ገብረ-እሙ

ኣይተ ስብሓት ነጋ ቃለ መሕተት ምስ VOA
1 ይ ክፋል




## ኣረ እዚ ሰብኣይ ዓቢዱ ክመላልኣና ደልዩ !

``ክርኣያ ክብላስ ይእረያ `` እዩ ነገሩ ፡ ኣቱም ሰባት ዝገርም'ኮ እዩ ፡ ደቂ-ሰባት ካብ ተሞክርኦም ዘይምሃሩ ምስዝኾኑ እንታይ ምግባሮም ይሓሸ ፡ እቲ መልሲ ሓጺርን ንጹርን እዩ ፡ `` ምኽሮ ምኽሮ ፡ እንተ.ኣበየ'ኸ መከራ ይምከሮ `` ናይ ብሓቂ ክኣ ንሱ እዩ ፡ ፍቱን መድሃኒት'ውን ዩ ፡

ብዕለት 08.06.2009 ፡ ኣይተ ስብሓት ነጋ ፡ እዋናዊ ቅጽል ስሙ `` የጫት ነጋዴ `` ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ሓውሲ ወግዓዊ ምብጻሕ ኣብ ዘካየደሉ ፡ ምስ ድምጺ ኣሜሪካ መደብ ትግርኛ ``VOA`` ቃል መሕተት ኣካይዱ ምንባሩን ፡ ካብቲ ከምሰብ መጠን ንክትሰምዖ'ውን እንተኾይኑ ብጣዕሚ ዘሕዝን ፡ ኩቱር ኣብልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዘለዎ ጽልኢ ብዘይ ቀለዓለም ምድርጉሑን እዩ ፡ ኣዴታትና ከምዚ ምስረኸባ ክኣየን ``ንስኻን ኣምሲኻን`` ኢለን ዝመሰላ ፡

እዚ ቃለመሕተት እዚ ብኣቶ በትረ-ስልጣን ጋዜጠኛ ደምጺ ኣሜሪካ መደብ ትግርኛ ፡ ብቋንቋ ትግርኛ ዝተኻየደ ኮይኑ ፡ ካብቲ ቀማዊ ኣገላልጻ ኣይተ ስብሓት ነጋ ቀንዲ ሰረተሓሳቡ ጾሚቐ ክገለጽ ክፍትን እየ ፡ ዝቐረበሉ ሕቶታት ግን ፈደልውን እንተኾነ ከይተርፍኩ ብዝተኻእለኒ መጠን የቕርቦ ኣለኹ ፡ ንኣምበብቲ ልቦና ፡ ንብሃልቱ ክኣ እቲ ዝዓበየ ፍሽለት ምኻኑ ደጊመ የብርህ ፡

ሕቶ ፡ ኣብዚ'ግን ሓደ ብብዙሓት ሰባት ዝዝረበሉ'ዘሎ ሽግር ፡ እቲ ኣብ ዓዲ ዘሎ መንግስቲ ( መንግስቲ ናይ ኢትዮጵያ ማለቱ እዩ ) ዝቈመሉ ስርዓት ታኼላ ፡ ብክልላት ዝተመደበ ኮይኑ ፡ ናቱ ምንጽብራቕ ንኣብ ድያስፖራ ዝነብሩ ኢትዮጵያውያን ፡ ዓቢ ጽልዋ ኣሕዲሩ ኣሎ ፡ ገለ ካብኡ ንምጥቃስ ፡ ( ከምካልኦት ሃገራት ብስም ሃገሮም እዮም ዝንቀሳቐሱን ) ፡ ኣብዚ ዘሎ ግን እቲ ኤምባሲ ናይ ኢትዮጵያ ኣብ ሕቡራት ኣሜሪካ ዘሎ ፡ ማለቱ'ዩ ፡ ነዚ ጉዳይ ንኸፍጽም ዝቖመ እዩ ፡ ክሳብ ቤተክርስትያን ዝመቓቐለ ኩነት እዩ ፡ ነዚ'ውን እቲ ኤምባሲ ክፈትሖ ኣይክኣለን እዩ ዝበሃል ፡ ብዛዕባ'ዚ እንታይ ርእይቶ ኣለካ ?

መልሲ ፡ ኢትዮጵያ ቆይማትሉ ዘላ ስርዓት ፌደራላዊ ስርዓት እዩ ፡ ስለዝኾነ ጸቢብ ምዝባዕ ናይ ቀቢላ ክህሉ ባህርያዊ እዩ ፡ እቲኣን ውድባት ( ኣንጻር ጃንዳ ወያነ ዝቖማ ንምሕባር'ዩ ) ነዚ ኩነት ብዝግባእ መዝሚዘን ይጥቀማሉ'ውን ኣለዋ ፡

`` ኣቤት ይምሃረነ ዎ'ይስሃለነ ጎይታይ ፡ ኣብ ኖኻዕ ርእሲስ ግልብጭ ቁናኖ የምሕረለይ ደኸን `` ፡

ሕቶ ፡ ኣብ ዕጥቃዊ ቃልሲ ፡ 17 ዓመት ፡ ኣብ መንግስቲ 18 ዓመት ሓሊፎም ኣለዉ ፡ እንታይ ርኡይ ለውጢ መጺኡ ትብል ፡

መልሲ ፡ ቅዋም ጸዲቑ'ዩ ምንም ዝተረፈናውን የለን ፡ ( ነቲ ሓንቲ ክልል ክሳብ ምንጻል ዘፍቅድ ንድፊ ሕገመንግስቲ ጃንዳ ወያነ ) ዓወት ናይ ኢትዮጵውነት ተረጋጊጹ ፡ ኣብ ነንሓድሕድካ ምጥፍፋእ ዝነበረ እዚ ተዛዚሙ ኣብ ማዕርነት ዝተሞርኮሰ ሓድነት ህዝቢ ተረጋጊጹ ይብሉ ኣይተ ስብሓት ፡ ልምዓት'ውን ተረጋጊጹ ኣሎ ፡ ምናልባት ብእስታቲክስ'ውን ክግለጽ ይክኣል'ዩ ፡ ዕጉባት ኢና ፡ ይብል ትርንዕ ኢሉ ደረት ልቡ እናነፍሐ ኣይተ ስብሓት ፡

ፍጹም ብተፈጥርኡ ዝኻሕለ ጨለ ዘረባ ! `` ዘይሓፍርስ ድሙስ ገብረማርያም ስሙ`` ኣታዮ ኣየተ ሰብሓት ኸመይ ኸመይ ዝበለ ድንቂ ሊኸነ ጽዋ'እዩ ፡ ኻብቶም 11 ጀነራላት እማ 10 ናይ ወያነና እንድያቶም ፡ ብስሩ ዘንጊዐ ኸይኸውን ፡ እታ ማይላ ( ጥበብ ) ልብላዋቶም ንሳ ድያ ?

መስኪን ኢትዮጵያ ፡ እቲ ዓጸቦ ክንዲ ምዕባለ እቲ ነንሓድሕዱ ምፍላስ ክንዲ ፍቕሪ ፡ እቲ ብልሽውና ክንዲፍትሒ ፡ እቲ ዝባንካ ቀሊዕካ ንኻልኦት ሓይልታት ክድምና ፡ ከምጨለነት ፡ ኮታ ኩሉ ጉዕዙይ ስራሕ ከምህርኩትነት ፡ እቲ ካብኩሉ ዘገርም ክኣ ዘዝመጸስ ዝመጸጸ ፡ ምጭቋሕ ኣየርእየና እዩ ዘብል ፡ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ክኣ ምሕረት የውርድ ፡ ንፋስካ ኣይጽለወና ፡

ሕቶ ፡ ዕግበትኩም ኣብምንታይ እዩ ትብል ?

መልሲ ፡ ኣብኩሉ መዳያት ንቕድሚት ንግስግስ ኣለና ፡ ሃገርና ኢትዮጵያ ንካልኦት ሃገራት ኣብነት እናኾነት“ያ ፡

``ወላውን ንናይኮሶ ከኒና ምውሓጥ ቱታ ቱታ ምባል'ሲ ንመን ቀተለ ``፡

ኣቦይ ስብሓት ኣይተጋገኹምን ፡ ኣብ ጅባኹም ዝተጠራቐመ ገንዘብ ዘዝዩኩም ብሙርኩስ ካብተሳለኹም ፡ ብምጽወታ እትረኽብዎ ረዲኤት ካብ ዓለምና ክብረወሰን ካብ ሰበረ ፡ ሓደ ርብዒ ካብ ቁጽሪ ህዝብኹም ብዓጸቦ እናተሳቐ ፡ ኣባት ነብሲ ናይብልሽውና ኮይንኩም ካብተመረቕኩም ፡ ብሓሶት ፕሮፌሽናሊዝም ካብ ኣበልኩም ፡ ሃሃሪምኩም ተጠሊዕኩም ካብኣውየኹም ፡ ኣብነት ምኧንኩም እማ ፡ እማነይ ድንቂ'ዩ ፡ ማርያም ጽዮን ኣኽሱም ብህየታ ተሰማሚዐ'ለኹ ምሳኹም ፡

ሕቶ ፡ ኣብ ትግራይ ክምለስ ፡ ኣብ ዝሓለፈ 18 ዓመታት ዝተሰላሰሉ መስርሓት ፡ ህዝቢ ትግራይ ኣብ መንጎ ተቐርቂሩ ኣሎ ዝብል ፡ ካብ ዝተፈላለዩ ኩርንዓት ዝመጽእ ርእይቶታት ኣሎ ይበሃል ህዝቢ ትግራይ ናይብሓቂ ኣብ ውጥረት ኣትዩ ኣሎ'ድዩ ? ኣብ ውጥረት ኣቲና ኣለና ዝብል እንተ.ኣጋጠመ'ሽ ከመይ ትርእዮ ነዚ ኣበሃህላ'ዚ ?

መልሲ ፡ ትግራይ ምስ ኤርትራ ዝዳወብ'ዩ ፡ ምስ ወትሃደራዊ ወጥሪ እንተርአኻዮውን ፡ ህዝቢ ትግራይ ዝተሰከሞ ሓላፍነት ይበዝሕ ፡ ( ካብካልእ ክልላት ናይ ኢትዮጵያ ማለቶም እኮ'ዩ ኢ....... ድራማይ ኣይገምግም ) ፡ ካልእውን ዝኾረዩን ዝቃወሙን ዝጻግየ መኸንያት ኣንጸርጽሮት ናብ ህዝቢ ትግራይ የሰክምዎ ፡

ኣቦይ ስብሓት ፡ ባዕላ መምጽኢት ደርፌ ባዕላ መጥፍኢት ደርፌ ፡ እቲ ሾናት ብስም ህዝቢ ትግራይ ዝኣጎድኩሞ ባዕልኻትኩም ፡ ተኸባቢረን ዝኸዳ ዝነበራ ፡ ንክንደይ ብሄራት ናይ ኢትዮጵያ ኣናቒትኩምን ኣሳቂኹምን ፡ ካብ ክንደይ ክልላት ናይ ኢትዮጵያ መሬት መንዚዕኩም ናብ ክልል ትግራይ ጠሪርኩሞ ኣለኹም ፡ ለምለም ዝነበረ መሬት ናይ ኢትዮጵያ ኣቓዲርኩም ግራት ኩዕንቲ ጌርኩሞ ኣለኹም ፡ ነዚ ህዝብና ኢልኩም እትሕበንሉ ንወረ ፡ ምስክንደይ ጎረባብቱ ኣናቒትኩሞ ኣለኹም ፡ መስኪን ህዝቢ ትግራይ መረረ'ኳ ክውሕዶ ፡ ብእኡ እንተሓሊፍሉ ዕድለኛ እዩ ፡ ክሳብ ሓደ ለባም ኢትዮጵያዊ መራሒ መጺኡ ነዚ ህድግለነ ዘይብሉ ኣበሳ ክመሚ ፡ ንስኻትኩም መራሕቲ ጭፍራ ግን እንታይ ሓበጠኩም ፡ ክሳብ እቲ መድሎ ረኺብኩሞ ዘለኽም ንግርም ኩዳ ትፍተሉ ኣለኹም ፡ መሬት ከምገለ እንተሓንኪራ ክኣ መስከብኩም ብተገደም ኣጣእጢእኩሞ ኣለኹም ፡ በልሉ ድኣ ብብዝመጸ ዝግረፍ ህዝብታት ኢትያጵያ ፡

ኣብ ካልኣይ ክፋል ክሳብ ንራኽብ ሰላም ንኹልና ፡

ካብ ብርዒ ሓቂ ፡